እዚ ጽሑፍዚ ካብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ክእዘዝ ይክኣል እዩ።
Socialstyrelsens kundtjänst, 120 88 Stockholm ወይ
ብFax: 08-779 96 67,
ወይ ብኢመይል socialstyrelsen@strd.se
ካብ ዚስዕብ ኢንተርነት ኣድራሻውን ክምላእ ይኽእል እዩ።
www.sos.se/plus/skrift.htm
መአዘዚ ቍጽሪ፡ Artikelnummer: 2003-114-11

Socialstyrelsen

*Tigrinja*

Socialstyrelsen

# ግዝረት

# ጓል ኣንስተይቲ

tryckeri: Ale Tryckteam, Bohus, april 2003
grafisk form: Typoform AB
artikelnummer: 2003-114-11
ISBN: 91-7201-725-2

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዛዕባ ምግዛር ወይ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ዝገልጽ ጥራዝ እዩ።

- ኣብ ሃገር ሽወደን ኩሉ ዓይነታት ግዝረት ወይ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብሕጊ ክልኩል እዩ።
- ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ብዝኾነ ሃይማኖታዊ ቅዱስ ጽሑፋት ዝእዘዝ ኣይኮነን።
- ምኽንሻብ ንጥዕና ጓል ኣንስተይቲን ሕጻናትን ጎዳኢ እዩ።

እዚ ኣርእስቲ'ዚ ኣብ ዝቕጽል ገጻት ብሰፊሑ ክግለጽ እዩ። እዚ ብዛዕባ ምኽንሻብ ዝገልጽ ጽሑፍ'ዚ፣ ናብ ቋንቋታት እንግሊዝ፡ ሶማል፡ ትግርኛ ከምኡ ውን ኣምሓርኛ ተተርጒሙ ቀሪቡ ኣሎ።

እዚ ጥራዝ'ዚ ምስ RFSU ብዝተገብረ ናይ ቀረባ ምትሕግጋዝ ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ብRFSU ዝተዳለወ ጽሑፋት ተዋጺኡ ዝቐርብ ዘሎ እዩ።

# መእተዊ

**ዓንቀጽ 1.** ኩሎም ደቂ-ሰባት ነጻ ዝተወልዱ ፍጡራት እዮም። ኩሎም ድማ ሓደ ዝኾነ ክብሪን ማዕረ ዝኾነ መሰልን ኣለዎም። ኩሎም ደቂ ሰባት ሰብ ኣእምሮን ሕልናን ብምዃኖም ድማ፣ ኣብ ነንሕድሕዶም ከምታ ሓንቲ ስድራቤት ክከባበሩ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 2.** ኩሎም ደቂ ሰባት፣ ኣብዚ ኣዋጅዚ ሰፊሩ ዘሎ፣ መሰላትን ነጻነትን ክህልዎም ይግባእ። ደቂ ሰባት፡ ካብ ካልእ ዓሌት ብምዃኖም ወይ ካልእ ሕብሪ ስለ ዘለዎም፣ ኣድልዎ ኣብ ልዕሊኦም ክፍጸም ኣይግባእን። ፍልልይ መሰላት ኣብ ሞንጎ ኣወዳትን ኣዋልድን ወይ ኣንስትን ሰብኡትን ክትግበር ኣይግባእን።

**ዓንቀጽ 3.** ኩሎም ደቂ ሰባት ናይ ምንባር መሰሎም ክሕሎ ይግባእ። ኩነታት ህይወቶም ባዕላቶም ምውሳን መታን ክኽእሉ ድማ ነጻ ክኾኑ ይግባእ። ኩሎም ደቂ ሰባት ናይ ህይወቶም ሓለዋን ቅሳነትን ክዋሓስ ይግባእ።

**ዓንቀጽ 5.** ንዝኾነ ሰብ፣ ስጋዊ ምስቓይ ወይ ዓመጽ፣ ወይ ውን ውርደታዊ ኣተሓሕዛ ኣብ ልዕሊኡ ክፍጸም ኣይግባእን።

*(ካብ ኣዋጅ ሰብኣዊ-መሰል ሕቡራት መንግስታት ዝተቐድሐ)።*

እቲ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ዘሎ ጎድሊ፣ ሓደ ዓቢ ክፋል ናይቲ ሓለዋ ሰብኣዊ-መሰል ኮይኑ፣ ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮን ንሕጻናትን ዝምልከት እዩ። እዚ ብዛዕባ ሓለዋ-ሰብኣዊ መሰል ዝግበር ጎድለ'ዚ፣ ነቲ ኣብ ገዛእ-ኣካላትካን ገዛእ ጾታዊነትካን ናይ ምውሳን መሰልን፣ ኣብ ልዕሌኻ'ውን ዓመጽ ንኸይፍጸም ዘጠቓልል እዩ።

International Planned Parenthood Federation (IPPF)
ዝተባህለ ድርጅት፡ ኩሎም ነቶም ንሰብኣዊ መሰል ይኹን ካልኦት መሰል-ጠቀስ ዝኾኑ ውዕላትን ኣዋጃትን፣ ምስ ጾታዊነትን ምፍራይን ዝተሓሓዝ ኣርእስቲ ንዘለዎም ኣገላልጻ ንምፍላጥ፣ መጽናዕቲ ኣካይዱ እዩ። ንዕኡ መሰረት ብምግባር ድማ፣ ኣብቲ ንጾታነትን መሰል-ምብዛሕን ዝገልጽ ኣዋጁ፣ ንምግዛር ወይ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣብ ክልተ ዓንቀጻት (2ን 9ን)፣ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ኣስፊርዎ ኣሎ። እዚ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝግበር ጎድሊ፣ ኣብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ውዕል-ሕጻናት ዓንቀጽ 19 ውን ደገፍ ተዋሂብዎ እዩ። ኣብቲ ውዕል ንሕጻናት ኣመልኪቱ ተገሊጹ ከምዘሎ፣ ሕጻናት ካብ ኩሉ ዝዓይነቱ ስጋዊ ይኹን ስነ-ኣእምሮኣዊ ዓመጽን

*ጉድኣትን ክኸለሉ ኣለዎም፣ ክብል ኣስፊሩ ኣሎ። ኣብ ዓንቀጽ 24.3 ቀጺሉ፣ ነፍሲ-ወከፍ ነዚ ውዕል'ዚ ዝሰመረቶ ሃገር፣ መሰል ሕጻናት ከም ዕላማ ወሲዳ፣ ኣንጻር'ቲ ንጥዕና ቆልዑ ዝጎድእ ዘበለ ኩሉ ድሑር ባህልታት፣ ኣድላዪ ንኹሉ ሰራ-ነቀል ዝኾነ ስጉምቲን፣ ክትወስድ ይግባእ ይብል።*

*ምኽንሻብ ክሳዕ 80ታት ኣቢሉ፣ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዘይፍሉጥ ዝነበረ ተርእዮ፣ ሕጂ ግን ከም ሓደ ፖለቲካዊ ኣርእስቲ ተወሲዱ፣ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ንኣብነት፡ ብደረጃ ዋዕላታት ሕቡራት መንግስታት፡ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ከም ናይ ሓለዋ-ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮን ሕጻናትን ብንጹር ዝኾነ ገለጻ ዘይቅቡልን ሰብኣዊ-መሰል'ውን ዝግህስ ብምዃኑ፣ ነፍሲ-ወከፍ መንግስቲ ነዚ ባህሊ'ዚ ክተወግድ፣ ሓላፍነት ኣሰኪሙ ኣሎ። ጸረ ምኽንሻብ ኣብ ምሉእ ዓለም ብብዙሓት ውልቀ-ሰባትን ድርጅታትን ብግብሪ ዝድፍኣሉ ዘሎ ኮይኑ፣ ብፍላይ እዚ ባህልታት'ዚ ኣብ ዝዝውተረሉ ሃገራት ዝርከባ ማሕበራት ደቂ-ኣንስትዮን ካልኦት መርበባት ምትሕግጋዝን፣ ዝገብርኦ ዘለዋ ጻዕሪ እዩ። ብዘይ ናይ'ዘን ተበዓት ደቂ ኣንስትዮ ጻዕሪ፣ ኣብ ሕቡራት-መንግስታት፣ ከምዚ ዓይነት ተሪር መርገጺ ንኽህሉ፣ ኣይምተኻእለን ኔሩ።*

*ኣብዚ ዘበንና ብግምት ካብ 100 ክሳብ 140 ሚልዮን ዝቝጸረን ኣዋልድን ኣንስቲን ናይ ምኽንሻብ ተግባር ኣብ ልዕሊኤን ተፈጺሙ እዩ። ብተወሳኺ'ውን፡ WHO ናይ ዓለም ጥዕና ድርጅት ከም ዝሕብሮ፣ ኣብ ዓዓመት ኣስታት 2 ሚልዮን ኣዋልድ ኣብ ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ከም ዝርከባ እዩ። ከምኡ ብምዃኑ ድማ፣ ንሰብኣዊ ይኹን ጾታዊ ከምኡ ውን ንናይ ምፍራይ መሰላት ደቂ ኣንስትዮን ሕጻናትን ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፣ ቀጻሊ ንኽኸውን ኣግሂድዎ ይርከብ ኣሎ።*

*እዚ ጽሑፍ'ዚ ዝዳሎ ዘሎ፣ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣበየናይ ክፍሊ ዓለም ከም ዝዝውተርን፡ ብዛዕባ እቲ ንሱ ዘምጽኦ ሳዕቤናትን፣ ጭብጥታት ኣኪቡ ንምቕራብ ተባሂሉ እዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ ቀጺሉ'ውን፣ ብዛዕባ እቲ ጥንታዊ ኣጀማምራ ናይዚ ልምዲ እዚን፣ ብዛዕባኡ ንዝምልከቱ ሕግታትን፣ ኣብዚ ግዜና'ውን ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምጥፋእ ብዛዕባ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፣ ዝገልጽ ክኸውን እዩ።*

## ምግዛር ጓል ኣንስተይቲ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

እዚ ምግዛር ተባሂሉ ዘሎ፣ ምስ ምኽንያቱ ደቂ ኣንስትዮ ሓደ ትርጉም ዘለዎ እዩ። ምግዛር ማለት፣ ገለ ክፋል ወይ ብምሉኡ እቲ ጐደበ (ቀንጢር) ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ጾታዊ ኣካል ጓል ኣንስተይቲ፣ ብሓደ በሊሕ መሳርሒ ጌርካ ቀሪጽካ ምስዳድ ማለት እዩ። ብመሰረት ኣገላልጻ ውድብ ጥዕና ዓለምWHO ፣ምግዛር ብኣርባዕተ ዓይነታት ከም ዝትግበር ተጻሒፉ ይርከብ።

**1ይ ዓይነት፡–** ኣብ ከባቢ ጐደበ (ቀንጢር) ዘሎ ቆርበት (ዕልቦ) ቃሕሊልካ ምስዳድ፣ ሓደ ክፋል ወይ ብምሉኡ ነቲ ጐደበ ቀሪጽካ ምስዳድ እዩ።

**2ይ ዓይነት፡–** ጐደበ ብሙሉኡ ተቐሪጹ ይስደድ፣ ከምኡ'ውን ገለ ክፋል ወይ ብምሉኡ ከናፍር ርሕሚ ተቖሪጹ ይስደድ።

**3ይ ዓይነት፡–** ብምሉኡ እቲ ላዕለዋይ መሳርዕ ጾታ ይቑረጽ። እዚ ማለት ድማ ጐደበ ብምሉኡ፡ እቲ ግዳማዊን ውሽጣዊን ከናፍር ርሕሚ ተቐሪጹ የልግስ። ብድሕሪኡ ነቲ ኣፍ ርሕሚ ንምዕጻው፣ በቲ ተሪፉ ዘሎ ከናፍር ርሕሚ ጌርካ ይስፊ። ብታሕቲ ናብቲ ፈንዶት ወይ መሃንቱስ ዘብል፣ ሓደ ንእሽቶ ንሽንቲን ንጽግያታዊ መድመይቲ መውጽኢ ነኺል ይግደፍ። እዚ ዓይነት ምኽንያቱ፣ ፈርኦናዊ–ምግዛር ወይ (infibulation) ይበሃል።

**4ይ ዓይነት፡–** ምትኳስ ወይ ምቑራጽ ጐደበን ከናፍር ርሕሚን። እዚ ዓይነት'ዚ፣ ጐደበን ከባቢኡን ብሓዊ ብምብትኳስ'ውን ይግበር እዩ። ብኻልእ'ውን፡ ኣብ ከባቢ ኣፍ ርሕሚ ዘሎ ኣካላት ሓግሒግካ ወይ ነቲ ኣፍ ርሕሚ ቀሪጽካ ብምስዳድ ዝግበር እዩ። ብኻልእ'ውን ደም ብዘውጽእ ወይ ብዝባላዕ ቀመማት ተጠቒምካ፣ ኣፍ ርሕሚ ከም ዝላገብ ወይ ዝጸብብ ንምግባር ዝፍጸም እዩ።

ሕውስዋስ ናይዚ ኣርባዕቲኡ ዓይነታት ምግዛር ዝፍጸመሉ ውን የጋጥም እዩ። ብውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ሰነ 2000 ዓ ም ኣብ ዝወጸ ጽሑፋት ቊ 241፣ እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዝኾነ ክሳብ 80% ዝትግበር ግዝረት፣ እቲ ንጐደበን ውሽጣዊ ከናፍር ርሕሚን ቀሪጽካ ብምስዳድ ዝግበር እዩ። እቲ 3ይ ፈርኦናዊ–ግዝረት ዝበሃል፣ ክሳብ 15% ኣቢሉ ዝትግበር እዩ። ብዛዕባ ግዝረት ኣብ ዝዝረበሉ ግዜ፣ እቲ 'ሱና'

*Sunna ዝተባህለ ኣገባብ ግዝረት፣ ደሓን ዝኾነ'ዩ ይበሃል እምበር፣ ብጀካ እቲ ሳልሳይ ዓይነት ግዝረት፣ ካብተን ካልኦት ዓይነታት ግዝረት ዝተሓወሶ ብምኳኑ፣ ኣብ እዋን ግዝረት ዘስዕቦ ቃንዛን ጠንቂ ናይ ቀጻሊ ስቓይ ፍጻሜን እዩ። ስለ'ዚ ኣብቲ ጸረ ግዝረት ዝግበር ጻዕሪ፣ ን'ሱና' ዝተባህለ ግዝረት'ውን፣ ከምቲ ንፈረኦናዊ–ግዝረት ብርቱዕ ተቓውሞ ክግበረሉ ይግባእ።*

## *ሓደጋ ጥዕና*

*እቲ ግዝረት ዘኸትሎ ሓደጋታት፣ ምስቲ ዓይነት ምኽንኻብን ምስቲ ዕብየት ናይቲ ዝቑረጽ ስጋን ዝተኣሳሰረ እዩ። እቲ ቀጥታዊ ሳዕቤናት፣ እቲ ኣብ እዋን ግዝረት ዘጋጥመካ ከቢድ ቃንዛን፣ ናይ ደም ምውሓዝን፣ ስነ–ኣእምሮኣዊ ድህለትን ክኸውን ከሎ፣ ገለ እዋን'ውን ክሳብ ቀልብኻ ናይ ምጥፋእ ደረጃ ዘብጽሕ ሓደጋ ኣለዎ። እቲ ሽንብቆ ሽንቲ'ውን ክጒዳእ ስለ ዝኽእል፣ ብዙሓት ደቂ–ኣንስትዮ፣ ናይ ምሽያን ጸገማት የስዕበለን እዩ።*

*ዋላ'ኳ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ተመሳሳሊ ሽግር የጋጥመን'ዩ እንተ ዘይተባህለ፣ እቲ ግዝረት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘምጽኦ ናይ ነዊሕ ግዜ ሳዕቤናት ግን፣ እቲ ኣብ ብልዕቲ ዘጋጥም ቃንዛን ስቓይን ኮይኑ፣ እቲ ቃንዛ ብፍላይ ብቑስሉ ከሎ ዝኸበደ እዩ። ብድሕሪኡ'ውን በሰላ፡ ማይ ዝምዑግ ሕበጥ፡ ዘሕክኽ ጸገማት፡ ነድሪ፡ ምምካንን፡ ናይ ምሽያን ጸገማት ዝኣመሰሉ፣ እቶም ልሙዳት ናይ ግዝረት ሽግራት እዮም። ካልእ ተወሳኺ ሽግራት፣ ብመጠን ናይ ነርቭ መትንታት መጒዳእቲ ዝመጽእ ቃንዛን ኣጻጋሚ ዝኾነ ጽግያታዊ መድመይቲን ክጥቀስ ይክኣል።*

*ገለ ሰባት ግዝረት ጓል ብግዜ ሕጻንነትታ እንተ ተገብረ፣ ምስ ዓበየት ናይቲ ቃንዛ ስምዒት ክትዝክሮ ስለ ዘይትኽእል፣ ዝበለጸ እዩ ይብሉ። ሓድሽ ጸብጻብ ስነ–ምርምር ከም ዝሕብሮ ግን፣ ኣካላትን እቲ መሳርዕ ነርቭታትን፣ ንቓንዛታት ክዓቑሮ ስለ ዝኽእል፣ ምስ ዓቤኻ'ውን ናይቲ ስቓይ ትዝታ ከም ዝምለሰካ ዘረጋግጽ እዩ።*

## ጾታዊ ዊንታ

ግዝረት ዋላ'ኳ ጾታዊ ዊንታ እንተ ዘየጥፍኤ፣ ኣብ ጾታዊ ርክብ ዕግበት ዘጥፍእ ወይ ስምዒት ዘጕድል ስንክልና ምኳኑ ርዱእ እዩ። ብዛዕባ ናይቲ ዝለዓለ ዝብጻሕ ጥርዚ-ስምዒት (orgasm) ከመይ ከም ዝኾነ ዝተጸንዐ የልቦን። ከከምቲ ዓይነታት ግዝረታት፣ ነናቱ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ እዩ። ግዝረት ኣብ ስምዒት ጓል ኣንስተይቲ ዘምጽኦ ዝኾነ ጽቡቕ ኣሎ ኢልካ ክትማጎት ግን ፍጹም ዘይክኣል እዩ።

ንሰብኡት ብዝምልከተ'ውን፣ ምስ ዝተኸንሸበት ጓል ኣንስተይቲ ጾታዊ ርክብ ምግባር፣ ዘቐንዙ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ገለ ባህልታት ኣብቲ ናይ መርዓ መዓልቲ፣ ነቲ ዝተሰፍየ ብልዕቲ መርዓት ምኽፋት ሓላፍነት ናይቲ መርዓዊ ብምዃኑ፣ ምስ ዝተኸንሸበት ጓል ኣንስተይቲ ጾታዊ ርክብ ምግባር ንመርዓዊ'ውን ዘቐንዙ ነገር እዩ። ከም መርዓዊ መጠን'ውን፣ እቲ ኣብታ መርዓት እተሰዕቦ ስቓይ፣ ንኽትምኮሮ ዘይብሃግ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## መውስቦ

ኣብ ገለ ሃገራት ኣብ ናይ መውስቦ ውዕል፣ ትርጕም ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ፣ ከም መረጋገጺ ናይ ድንግል ጓል ኮይኑ ይቐርብ እዩ። ነዚ ጠለብ'ዚ ንምርግጋጽ፣ ቤተ ሰብ መርዓዊ ኣቐዲሞም መርዓት ንኽኾሉ መሰል ይወሃቦም እዩ። እቲ ዋጋ መርዓት ተባሂሉ ዝኽፈል ገንዘብ'ውን፣ ድሕሪ ምኹላል ዝኽፈል እዩ። ሓደ ሓደ ምሁራት ስነ-ሰብ፣ ደቂ ኣንስትዮ ብደረጃ ምጽባብ ናይ ብልዕተን ዋግኤን ክብ ከም ዝብልን፣ ኣብቲ ዕዳጋ መውስቦ'ውን፣ ዓቢ ጽልዋ ከም ዘለዎ የመልክቱ እዮም።

ዘይተኸንሸባ ኣዋልድ፣ ኣደዳ ጸርፊን ሕሜትን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ካብ ሕብረተ ሰብ'ውን ይንጸላ እየን። ስለዚ፡ እቲ ኣንጻር ግዝረት ዝካየድ ገድሊ፣ ንደቂ ተባዕትዮ'ውን ከጠቓልል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምይ'ሲ እቲ ዝድለ ለውጢ መታን ክረጋገጽ፣ ኣተሓሳስባ ደቂ ተባዕትዮ ተቐይሩ ዘይተኸንሸባ ኣዋልድ ክምርዓው ቅሩባት ምስ ዝኾኑ ጥራይ እዩ።

## እዚ ልምዲ'ዚ ዝትግበረለን ሃገራት ኣየኖት እየን?

ልምዲ ግዝረት ደቂ ኣንስትዮ፣ ብቐዳምነት ኣብ መብዛሕትኡ ክፍሊ-ታት ኣፍሪቃ ዝትግበር ኮይኑ፣ ኣብ ዓረባዊ ሓውሲ-ደሴት ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ከም የመን፡ ዖማን፡ ባህረየን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝፍጸም ተርእዮ እዩ። ኣብ ኢንዶነሽያ፡ ማለይሽያ፡ ፊሊፒንስ፡ ህንዲ፡ ፓኪስታን ዝርከቡ ብምስልምና ሃይማኖት ዝኣምኑ ጕጅለታት እውን ዘዘውትርዎ ልምዲ እዩ። ኩሉ ግዝረት ዝዘውተረሉ ቦታታት ምሉእ ብምሉእ ንምፍላጥ ኣጸጋሚ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሃገር'ውን፣ ከከም ቦትኡን ዓሌታትን ክፈላለ ስለ ዝኽእል እዩ።

ግዝረት ካብ ዝትግበረሉ ሃገራት ዝመጹ ወጻእተኛታት፣ ነዚ ልምዲ'ዚ ሒዞሞ ስለ ዝመጹ፣ ኣብ ምዕራብ ሃገራት'ውን፣ ግዝረት ከጋጥም ይርአ ኣሎ። ኣብ ሃገር ሽወደን ጥራይ ኣስታት 16 000 ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ፡ እዚ ልምዲ'ዚ ካብ ዝትግበረሉ ሃገራት ዝመጻ እየን። ኣብ ውሽጢ ዶባት ሃገር ሽወደን፣ ምግዛር ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝፍጸም ኣይንፈልጥን ዘሎና። ይኹንእምበር ወለዲ ንደቆም፣ ናብቲ ዝተወልዱሉ ሃገር ወይ ካልእ ሃገር ብምኻድ፣ ዘይሕጋዊ ዝኾነ ግዝረት ከምዘተግብሩ ተረጋጊጹ ኣሎ።

## መበቈል ልምዲ

እዚ ብዙሕ ኣእላፋት ዓመታት ዝገበረ ግዝረታዊ ልምዲ፣ ምስቲ ዕብለላ ወዲ ተባዕታይ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ዝተረጋገጸሉ ሕብረተ-ሰብ ተተሓሒዙ ዝተኣታተወ ልምዲ ከም ዘኾነ ይእመነሉ እዩ። ሰበይቲ ከምቲ ሰብኣይ ኣብ ህይወቱ ዝውንና ዝለዓለ ንብረት ኮይና ስለ እተቖጸረት፣ ሰብኣይ ንሰበይቲ ኣብ ምሉእ ቊጽጽሩ ከውዕላ ስለ ዘድለዮ እዩ። ሰብኣይ ንሰበይቱ ብስልጣኑ ብምምላኽ፣ ንጾታ ሰበይቱን ንዘርኣን ናይ ምውናን መሰል ሂብዎ እዩ።

ገለ ደቂ ኣንስትዮ፣ እንተ ዘይተኸንሸባ ንጹሃት ኮይነን ኣይስምዐንን። ንዘይተገዝራ ኣዋልድ ከም ኣመንዝ ራታት ጌሮም ዝቖጽርወን'ውን ኣለው። ካልኦት ንጐደበ ጓል ኣንስተይቲ፣ ከም ተረፍ ጾታዊ ኣካል ወዲ ተባዕታይ ጌሮም ስለ ዝርድእዎ፣ ክልግስ ኣለዎ ይብሉ። ጓል ኣንስተይቲ እቲ ምሉእ መዓርግ ሰበይትነት ተዋሂብዋ፣ ኣብ ሕብረት ወራዙት እትጽንበር፣ ድሕሪ ምኽንሻባ ምኻኑ ዝኣምኑ ሰባት'ውን ኣለው።

ኣብ ብዙሕ ግዝረት ዝዝውተረሉ ሕብረተ ሰባት፣ እቲ ኣብ ጥርዘ-ስምዒት ዝፍጸም ምፍሳስ ጓል ኣንስተይቲ፣ ንሽንቲ-ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ስለ ዝቖትሎ፣ ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ ንፈራይነት ሰበይቲ ይጠቅም'ዩ ዝብል እምነት ኣለዎም። እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ፣ ምኽንያቱ ንገዛእ ርእሱ፣ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጉድኣት ስለ ዘስዕብለን ነቲ ጥንሲ ናይ ምሓዝ ዕድለን'ውን የጉድሎ እዩ።

ብታሪኻዊ ጽሑፋት ሕጂ ተጋሂዱ ከም ዘሎ፡ ጐደበኤን ዘይተኸልኣ ኣዋልድ፣ ናብ ግብረ-ሶደምነት ወይ ጾታዊ ቅለት፣ ከም ጾታዊ ስምዒትካ ባዕልኻ ናብ ምርዋይ ምፍታን ከምርሐን ይኽእል'ዩ ዝብል ምርዳእ ብምንባሩ፣ ኣብ ኤውሮጳ እንተኾነ'ውን፣ ክሳዕ መበል 1900 ክፍለ ዘበን፣ ምኽንያቱ ተዘውቲሩ እዩ።

## ባህሊ

ብዙሓት ብልምዲ ከም መሕረስቲ ኮይነን ዝማዕበላ ሽማግለታት ኣንስቲ፣ ክሳዕ ሕጂ'ውን እንተኾነ፣ ባህላዊ ልምዲ ተደሪኸን፣ እቲ ኣብ ኣዋልድን ኣንስቲን ዝፍጸም ግዝረት ከይተቛረጸ ንኽስዓብ ይተሓባበራ እየን። እቲ ናብ ወላዲት ዘቕንዕ ማሕበራዊ ጸቕጢ'ውን ከቢድ ብምዃኑ፣ ኣደ ዋላ'ኳ ጓላ ንኽይትኽንሸብ እንተ ደለየት፣ ጠጠው ንምባሉ የጸግማ እዩ። ዘይተኸንሸባ ኣዋልድ ኣብ ዕዳጋ መውስቦ ተቐባልነት ስለ ዘይረኽባ፣ ኣዴታት መጻኢ ህይወት ኣዋልደን ንምውሓስ ደቀን ከኽንሽባ ስለ ዝግደዳ እዩ።

ኣብ ምኽንያቱ ጓል ንዘሎ ከቢድ ልምዳዊ ውርሻ ምርዳእ'ውን፣ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ። ምኽንያቱ ጐደበ፡ ከም ተረፍ ጾታዊ ክፋል ናይ ወዲ ተባዕታይ ኰይኑ ስለ ዝውሰድ፣ ኣዋልድ ምልኣት ዘለዎ ደረጃ ሰበይትነት ንምርካብ፣ ክግረዛ ኣለወን ተባሂሉ ስለ ዝእመን እዩ። ጐደበ እናዓበየ ስለ ዝኸይድ፣ ከም ናይ ተባዕታይ ጠልጠል ክብል'ዩ ዝብል እምነት'ውን ኣሎ። ኣብ ገለ ዓሌታት፣ ጐደበ ከም ጎዳኢ ተቖጺሩ፣ ኣብ ግዜ ሕርሲ ሕጻን ይቖትልዩ ተባሂሉ ይንገረሉ እዩ።

ጓል ኣንስተይቲ ወላዲታ ንምምሳል እተካይዶ ናይ መንነት መስርሕ ንገዛእ ርእሱ፣ ኣብ ህይወታ ዓብይ ትርጉም ዘለዎ እዩ። ኣብ ሓደ ስነ-ምርምራዊ መጽናዕቲ ከም ዝተመስከረ፣ ጾታዊ መንነት ጓል ኣንስተይቲ ንምርካብ፣ ምስቲ ኣብ ጾታዊ ኣካላተን ዝትግበር ናይ መግረዝቲ ምልውዋጥ፣ ዓብይ ምትእስሳር ዘለዎ እምነት እዩ። ስለዚ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ፣ ግዝረት ከም ሓደ ክፋል ናይ ሰበይትነት

መንነታ ብምኳኑ፣ ነዚ ኣብ ሕብረተ ሰብ ኣድላዩ ፍጻሜ'ዚ፣ ሽለል ክትብሎ ኣይኮነላን እዩ።

## ሃይማኖት

ሃይማኖታት ኣብ ግዝረት ዘለዎ ኣጠማምታ ወትሩ ዝዝረበሉ ኣርእስቲ እዩ። ቀድሚ ሃይማኖት ክርስትና ይኹን ምስልምና ምትእትታው ዝነበረ ናይ ግዝረት ልምዲታት፣ ምስ ሃይማኖት ዝተተሓሓዘ ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ሃይማኖታዊ ጽሑፋት ንግዝረት ጓል ዝእዝዝ የልቦን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ወይ ቁርኣን ግዝረት ዝጠቅስ ጽሑፍ የልቦን። እንተኾነ እዚ ልምዲ'ዚ፣ ኣብ ክርስትናን ምስልምናን ዝኣምኑ ህዝብታትን ካልእ ኣምል ኾታት ኣብ ዘለዎም ህዝብታት'ውን ዝዝውተር ስርዓት እዩ።

ኣብ ሞንጎ ሃይማኖት ምስልምና ዝኣምኑ ጉጅለታት፣ ግዝረት ኣብ ጽሑፍ ኣሎ ተባሂሉ ዝእመነሉ ጉዳይ እዩ። ኣብ ግዜ ነብዩ መሓመድ፣ ነዚ ናይ ግዝረት ባህሊ'ዚ፣ ብጎዳኢ ደረጃ ንኽይፍጸም እምበር፣ ጠጠው ንኽብል ኣይኣዘዘን። በዚ ድማ፡ ናይ ምቐጻሉ ጉዳይ ኣካታዒ ኮይኑ ኣሎ። ብኣንጻሩ ግን፡ ነብዩ መሓመድ 'ውን፣ ንኣዋልድ ደቁ ንምኽንሻብ ኣሕሊፉ ከምዘይሃበን፣ ንምትግባሩ'ውን ከምዘይመጎተን እዩ ዝእመን።

ኣብ ሃይማኖት ክርስትና፣ ንምኽንሻብ ጓል ብዝምልከት ትእዛዝ ብዘይምህላው፣ ዝኾነ ክርስትያን ብምኽንያት ሃይማኖት ክኽንሽብ ኣይክእልን እዩ። ዝተፈላለያ ኣብያተ ክርስትያናት፣ ነዚ ልምዲ'ዚ ንምጥፋእ፣ ብን ጥፈት ዝሰርሓ ብዙሓት ይኹና እምበር፣ ክርስትያን ኣዋልድ'ውን፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ልምዲ ዘለዎ ቦታታት ዝቐመጣ ምስ ዝኾና፣ ከም ዝኽንሽባ ይግበር እዩ።

ኣብ ሕግታት ኣይሁድ፣ ኣብ 'ቶራ' ወይ ካልእ ናይ ኣይሁዳውያን ቅዱስ ጽሑፋት'ውን እንተኾነ፣ ኣብ ልዕሊ ደቒ ኣንስተዮ ምኽንሻብ ንኽፍጸም ዝእዝዝ መምርሒ ከቶ የልቦን።

## ሕግታት

ኣብ ሃገር ሽወደን ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ፣ ብሕጊ 1982:316 ክልኩል እዩ። እቲ ሕጊ ከምዚ ይብል፡–

1 § ካብ ግዳማዊ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ቆሪጽካ ምልጋስ ወይ ኣብ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ነባሪ ዝኾነ ለውጢ ንምምጻእ ዝወሰደ ስጉምቲ፣ ዋላ'ኳ እታ ጓል ኣንስተይቲ ንምግዛሩ ፍቓዳ እንተ ሃበት፣ ብሕጊ 1998፡407 ዝተኣገደ እዩ።

2 § ንሕጊ ዓንቀጽ ቍ1 ዝጥሓሰ ክሳዕ 4 ዓመት ማእሰርቲ የፍርዶ። እቲ ምግዛር ሞት ወይ ጉድኣት እንተኣስዓበ ወይ ብጭካነ ምስ ዝትግበር፣ ከም ከቢድ ገበን ይቝጸር። ከቢድ ገበን ድማ፣ ካብ 2 ክሳዕ 10 ዓመት ማእሰርቲ ዘፍርድ እዩ። ናይ ምኽንሻብ ፈተነ ምግባር፣ ኣብ ናይ ምኽንሻብ ምድላዋት ተሓባባሪ ምዃን፣ ኣንጻር ሕጊ ምምሸጣር ወይ ገበን ተፈጺሙ ክነሱ ክትሓብእ ምፍታን፣ ብገበናዊ ሕጊ 1998፡407 ምዕራፍ 23 ብሓላፍነት ዘፍርድ እዩ።

3 § ብመሰረት እዚ ዝተጠቐሰ ሕጊ፣ ሓደ ሰብ ገበን እንተፈጸመ፣ ወንጀለኛ ሕጊ § 2 ዓንቀጽ 2 ወይ 3 ዘይምልከቶ ኮይኑ'ኳ እንተ መሰለ፣ ኣብ ሃገር ሽወደን ብፍርዲ የቕጽዖ እዩ።

ሕጊ ከም ዝብሎ፣ ኩሉ ዓይነታት ምኽንሻብ ካብቲ ዝዓበየ ጾታዊ መሳርዕ ጓል ኣንስተይቲ ቆሪጽካ ምስዳ ድን ምስፋይን ጀሚሩ፣ ክሳብ'ቲ ብበሊሕ መላጸ ጬርካ ዝግበር ናይ ጕደበ ምንካይ ኩሉ፣ ዋላ'ኳ እታ ጓል እንተ ፈቒደት፣ ብሕጊ ክልኩል እዩ። ኣብ ሽወደን ተቐማጢ ኮይኑ፣ ኣብ ወጻኢ ሃገር ክይዱ ጓል ዘኽን ሽበ፣ ዋላ'ኳ ኣብቲ ሃገር ሕጋዊ ኮይኑ እንተ ተረኽበ፣ ኣብ ሃገር ሽወደን ብሕጊ የቕጽዖ እዩ። እቲ ኣብ ነሓሰ 1999 ዝሓለፈ፡ ኣብ ዓንቀጽ 3 ዘሎ ሕጊ፣ ነዚ ገበን'ዚ ዝምልከት እዩ። ኣብ ሽወደን ብድሕሪ ሕርሲ ብልዕቲ ንኽጸብብ ዝግበር ምስፋይ ክልኩል እዩ። እቲ ንብልዕቲ ብሕክምና ምእራም ግን፣ እዚ ሕጊ'ዚ ኣይምልከቶን እዩ። ኣብ ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ቍ1 ምዕራፍ 14 ሰፊሩ ከም ዘሎ፣ ኩሎም ኣብ ኣገልግሎት ቆልዑን መንእሰያትን ተሳቲፎም ዝሰርሑ ሰባት፣ ኣብ ስርሓቶም፣ ንትሕተ–ዕደመ ቆልዑ ዝጎድእ ኩነታት ምህላው ምስ ዝፈልጡ፣ ንድሕነት ናይዞም ቆልዑ ስጉምቲ መታን ክወሰድ፣ ናብ ማሕበራዊ ናብዮት ከመልክቱ ግዴታ ኣለዎም ይብል። ንኣብነት ሓንቲ ጓል ኣብ ናይ ምኽንሻብ ሓደጋ ምስ እትህሉ ወይ

ድሮ እተኸንሸበት ጓል ከም ዘላ ምስ ዝፈልጡ፣ ክሕብሩ ኣለዎም ማለት እዩ። ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ዝር ከቡ ቆልዑ፣ ማሕበራዊ ኮሚቴ ካብ ወለዶም ኣሕዲጉ፣ ኣብ ካልእ ስድራ ቤት ክምድቦም መሰል ኣለዎ።

ሸወደን ብብዙሕ መገዲ፣ ብሃገርን ብዓለም ለኻዊ ደረጃ፣ ምእንቲ ሓለዋ ጥዕናን ምምሕያሽ ናብራን ቆልዑ፣ ከምኡ'ውን ምእንቲ መሰል ሕጻናትን ክትጣበቕ ጸኒሓ እያ። ካብዚ ስርሓት'ዚ ብኸፊል እቲ ኣንጻር ምኽንሻብ ኣዋልድን ኣንስትን ክትገብሮ ዝጸንሐት ጻዕሪ እዩ። ከምተን ካልኦት ሃገራት፣ ሸወደን'ውን ነቲ ብዋዕላ ሕቡራት መንግስታት ዝሓለፈ፣ ኣዋጅ ሰብኣዊ–መሰል ሕጻናት ሰሚራቶ እያ። ኣብ ዓንቀጽ 24.3 ከም ዝገልጾ፣ ነፍሲ–ወከፍ ነዚ ውዕል ዝሰመረቶ ሃገር፣ ኣንጻር ኩሉ ንጥዕና ቆልዑ ዝጎድእ ከም ምኽንሻብ ዝበለ ድሑር ባህሊታት፣ ኣድላዩን ሱር–ነቀልን ዝኾነ ስጉምቲ ክትወስድ፣ ግዴትኣ እዩ ይብል።

## ኣብ ሃገር ሸወደን ዝቐመጣ ዝተግዝራ ኣንስቲ

ኣብ ሃገር ሸወደን ኣብ መበል 2000 ዓ ም፣ ልዕሊ 16 000 ዝኾና ተቐማጦ፣ ካብቲ ምኽንሻብ ዝውቱር ዝኾነሉ ሃገራት ዝመጻ ኣንስቲ እየን። ካብዚ ቁጽሪዚ 14 500 ካብ ሶማልያን ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝመጻ ኣንስቲ ክኾና ከለዋ፣ ኣስታት 2 000 ዝኾና ትሕቲ 7 ዓመት ዝዕድሚኤን ቆልዑ'ውን፣ ካብዚ ምኽንሻብ ዝትግበረሉ ሃገራት ዝመጻ እየን።

ብምኽንያት ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ሃገር ሸወደን ዝመጹ ስደተኛታት፣ ጉዳይ ምኽንሻብ ኣብ መዳያት ሓለዋ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮን፣ ኣገልግሎት ሕክምናዊ ሕርሲን፣ እዋናዊ ሕቶ እናኾነ መጺኡ ኣሎ።

## ንዝተገዝራ ኣንስቲ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ይወሃብ?

ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ፣ ንዝተገዝራ ኣንስቲ ዝግበር ሕክምናዊ ረድኤት ኣሎ። ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ናይ መንእሰያትን ማህጸንን ሕክምና፣ ኣብ ክሊኒክ ኣዴታትን ኣብ ሆስፒታላት ዝርከብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሕክምና ብምኻድ፣ ሓገዝ ክሓታ ይኽእላ እየን።

እቲ ልሙድ ንዝተገዝራ ኣንስቲ ሓገዝ ንኽሓታ ዘገድደን ኩነታት፣ እቲ ምስ ጾግያታዊ መድመይቲ ወይ ናይ ብልዕቲ ሕበጥ ወይ ነድሪ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ስጋዊ ተራኽቦ፣ ወይ ናይ መጀመርታ ጾታዊ ርክብ ወይ ውን ምስ ጥንሲ ዝተኣሳሰር ሽግር ከጋጥመን ከሎ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ናይቲ ዘለወን ሽግርን መፍትሒ ኡን ምስ ሓኪም ክላዘባ ይኽእላ እየን። ነቲ ዓይነት መፍትሒ ዝውስኖ፣ ዓይነት ምኽንሻብን ኣገባብ ኣፈጻጽ ምኡን ኮይኑ፡ እቲ ዝወሃብ ሓገዝ፣ ንዝነበረን ሽግራት ዝፈትሕ ኣዕጋቢ ኮይኑ ኣሎ።

እተን 3ይ ዓይነት ግዝረት ዝተገብረለን ኣንስቲ፣ እቲ ዝተሰፍየ ርሕሚ ብኦፕረሽን ክኽፈተለን ከሎ ብመደ ንዘዚ ኣደቂስካ እዩ ዝግበር። ነቲ ከባቢኡ ጥራይ ብምድንዛዝ ዝግበር ኦፕረሽን'ውን የጋጥም እዩ። ገለ ዶክተራት ብላሰር (ብርሃን) ብምጥቃም፣ ጸቡቕ ናይ ምሕዋይ ውጽኢት ዘምጽአ ኣገባብ ረኺቦም ኣለው። እቲ ጐደበ ብኸፊል ለጊሱ እንተኾይኑ፣ ነቲ ሸፈንዎ ዘሎ ላዕለዋይ ረቂቕ ቆርበት ከም ዘለዎ ይግደፍ። ንዕኡ እንተ ድኣ ኣልጊስካዮ፣ ኣዝዩ ልዑል ስምዒት ወይ ተነቃፌነት ስለ ዘስዕብ፣ ኮፍ ንምባል ይኹን ስረ ንምልባስ ከጻግም ስለ ዝኽእል እዩ። ምስቲ ናይ ምኽፋት ኦፕረሽን ተተሓሒዙ፣ ካልእ ጸገማት ውን እንተ ጸኒሑ፣ ንሱ'ውን ከም ዝእረም ይግበር እዩ። ገለ ደቂ ኣንስትዮ፣ ድሕሪ'ቲ ናይ ምኽፋት ኦፕረሽን፣ ቃንዛ ወይ ተደጋጋሚ ናይ ፋንግስ መጥቃዕቲ ወይ ቊስሊ የጋጥመን እዩ። ምኽንያቱ ድማ እቲ ነዚ ጸገማት'ዚ ዝከላኸል ከናፍር ርሕሚ፣ ተቐሪጹ ስለ ዝተሰደ እዩ። ስለዚ እቲ ቊስሊ ክሳዕ ዝሓዊ፣ ተደጋጋሚ ናይ ሓኪም ርክብ የድሊ እዩ።

## ኣንጻር ምኽንሻብ ተይቲ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ

ኣብዚ ዘሎናዮ ግዜ፣ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብነንበይኑ ደረጃታትን ኣብ ብዙሓት ሃገራትን፣ ጻዕሪ እናተኻየደ ይርከብ። ብፍላይ ድማ ኣብቲ እዚ ባህሊ'ዚ ዝዝውተረሉ ሃገራት፣ ንቕሓት ናይቲ ህዝቢ ኣዝዩ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። IAC, Inter African Committee on Traditional Practicies Affecting the Health of Woman and Children ዝተባህለ፣ ኣብ 1984 ዓም ዝተመስረተ ውድብ፣ ከም ኣማኻሪ ኣካል ሕቡራት መንግስታት ብምኳን ክዓዮ ጸኒሑ ኣሎ። ብሃገር ደረጃ'ውን ኣንጻር ምኽንሻብ ፖለቲካዊ ጸቕጢ ንምግባር፣ ብኮሚቴታት እናተወደብካ፣ ናብ ገጠራት ዘቕንዐ ዝተፈላለየ ኣገደስቲ ፕሮጀክታት ኣብ ምክያድ ይርከብ ኣሎ። እዚ ውድብ'ዚ ሕቶ ምኽንሻብ፡ ካብቲ ብሰላሕላሕ ጥራይ ዝስርሓሉ ዝነበረ ኣገባብ ሓሊፉ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ኣገደስቲ ኣጋጣሚታት፣ ብዝለዓለ ደረጃ ከም ዝዝተየሉ ይገብር ኣሎ።

ንደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ምኽንሻብ ዝዝውተረሉ ሃገራት፣ ጾታዊ ትምህርቲ ንምቕራብ፣ ኣጻጋሚ ኮይኑ ዝጸንሓሉ ምኽንያት፣ ጾታ ከም ኣርእስቲ ኣልዒልካ'ውን ንምዝራብ፣ ከም ነውሪ ስለ ዝሕሰብ እዩ። ሕጂ ግን፡ ከም ኣርእስቲ ጥዕናን ትምህርቲ ቀርጺ–ኣካላትን ኣምሲልካ፣ ንምቕራቡ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብ ማሊ ዝተባህለ ሃገር ዝተዳለወ ፕሮጀክት፣ እተን ዘይተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ፣ ኣብ ገጠራት ብምግያሽ፣ ምስተን ዝተኸንሸባ ኣንስቲ ዝርርብ ምግባር እዩ። እቲ ዝመረጽኦ ኣሰራርሓ ድማ፣ እተን ዝተኸንሸባ ኣንስቲ፣ ብልዕተን ክርእይአንን እንታይ ሽግራት ከምዘለወን ክገልጻ ከለዋ፣ እተን ዘይተኸንሸባ ኣንስቲ ድማ ብተር አን፣ ጾታዊ መሳርዕ ናይ ዘይተኸንሸባ ኣንስቲ፣ ብሙሉኡ ከሎ እንታይ ከም ዝመስል የርእይኣን። ምስኡ ውን ኣገልግሎት ናይቲ ዝተፈላለየ ጾታዊ መሳርዕ፣ ኣብ ሕርሲን ኣብ ጾግያታዊ መድመይቲን ይገልጻለን። በዚ ድማ ምኽንሻብን ሳዕቤናቱን ብምምሃርን፣ ነዚ ሓዲሽ ፍልጠት ብምዕጣቕን፣ ምኽንሻብ ናብ መጻኢ ወለዶ ንኸይሓልፍ ይጽዕራ ኣለዋ።

ኣብ ጋምብያን ኣብ ሰራልዮንን ዝተተግበረ፣ ካልእ ዕውት ኣገባብ ድማ፣ ንኹለን ነዚ ድሑር ባህሊ'ዚ ዝፍጽማ ከንሸብቲ ኣኪብካ፣ ንምኽንሻብ ዝህብኦ ምኽንያት መጽናዕቲ ምግባር እዩ። ካብቶም ከንሸብቲ መብዛሕትአን መሃይም ኣንስቲ ኮይነን፣ ንምኽንሻብ ከም ምንጪ እቶት ከም ዝጥቀማሉን፣ ኣብቲ ሕብረተ–ሰብ ዘለወን

*ስልጣንን ምኹኑ ገሊጸን። እቲ ዕውት ሜላ፡ ነዘን ኣንስቲ እዚኤን፣ ስልጣነን ኣብቲ ሕብረተ–ሰብ ከይተነከየ፣ ብዛዕባ ቅርጺ ወዲ–ሰብ ሓድሽ ትምህርቲ ብምሃብ፣ ከም መሕረስቲ ኮይነን ክሰርሓን ልቓሕ ተቐቢለን ዝነግዳሉ ትምህርቲን ብምሃብ እዩ። እዚ ሜላዚ ኣዝዩ ዕውት ብምንባሩ ድማ፣ ሓደስቲ ኣብ ምኽንሻብ ዝተዋፈራ ኣንስቲ'ውን ከይተረፋ፣ ነዚ ናይ መሕረስቲ ትምህርቲ'ዚ ክወሃበን፣ ምስተን ድርጅታት ርክብ ጀሚረን ኣለዋ። ኣቐዲሙ ኣብ ሃገር **ሴራልዮን**፣ ኣስታት 90% ካብ ደቂ ኣንስትዮ ክንሹባት ክኾና ከለዋ፣ ድሕሪ'ዚ ዝተፈላለየ ተበግሶን ጻዕሪን ግን፣ ናብ 60% ጎዲሉ ይርከብ ኣሎ።*

*ካልእ ዕውት ውጽኢት ዝተረኽበሉ ሜላ፣ ኣብቲ ንሓንቲ ጓል ናብ ናይ ኣንስቲ በጽሕታት ዓለም ከም መሰጋገሪ ጌርካ ዝሕሰብ ወግዒ ሓድሽ ኣገባባት ብምትእትታው እዩ። ከም ኣምሰያ ናይዚ ጭካነ ዝመልኦ ናይ ምኽንሻብ ልምዲ'ዚ፣ ብሓድሽ ወግዒ ንምትካእ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፣ ብፍላይ ኣብ ገጠራት **ኬንያን ታንዛንያን**፣ ነዚ ለውጢ እዚ ህዝቢ እናተቐበሎ ይመጽእ ኣሎ። እዚ ሓድሽ ኣገባብ'ዚ፣ ካብቲ ንኣድላይነት ምኽንሻብ ዝደፋፍእ ልምዲ፣ ናይ ጽሬት፡ ናይ ድንግልና ትርጉም፡ ናይ ስድራ ቤት ክብሪ፣ ከምኡ'ው ጾታዊ ስምዒት ጓል ኣንስተይቲ ምቍጽጻር ካብ ዝብል ሓሳባት ብምንቃል፣ ከም መተካእትኡ ግን፣ ምስ ጥዕናን ጽሬትን ዝተኣሳሰረ ሓድሽ ትምህርቲ–ሓዘል ልምዲ ብምትእትታው ዝግበር ዘሎ ተበግሶ እዩ።*

*ኣብ **ሰኔጋል**፡ ካብ ኣሜሪካ ዝመጸ '**ቶስታን**' ዝተባህለ ማሕበር፣ ምስ **ዩኒሰፍ** ብምትሕብባር፣ ኣብ ቦቦትኡ ብዛዕባ ሰብኣዊ–መሰልን ጸረ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲን ጻዕሪ የካይዱ ኣለው። ወከልቲ ቶስታን ናብ ገገጠሩ ብምግያሽ፣ ንሰብኣዊ–መሰላት ብዝምልከት* Village empowerment program *ዝብል ትምህርታዊ መደባት ብምድላው፣ ገጠረኛታት ገዛእ ሽግራቶም ባዕልቶም ከለልዩሉን ክፈትሑሉን ዝኽእልሉ ዓቕሞም ክብ ንምባል ይሕግዝዎም ኣለው። እዚ መደብ'ዚ ንጥዕና ዝምልከትን፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሞያ መራሒነትን፣ ኣመሓዳድራ ኩባንያታትን ዘጠቓለለ ትምህርቲ እዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ጻዕሪ'ዚ ድማ፣ ኣብ ዝተፈላለያ ገጠራት ዝርከቡ ተቐማጦ፣ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ከም ዝውገድ ጌሮም ኣለው።*

*ኣብቲ ንጥዕና ቀልዑን ደቂ ኣንስትዮን ዝምልከት፣ ብ1994 ኣብ **ካይሮ** ከምኡውን ብ1995 ኣብ **ፔኪንግ** ዝተገብረ ዋዕላ ሕቡራት መንግስታት፣ ጉዳይ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ተዘትዩሉ እዩ። ካብቲ ዝወጸ መግለጺ ብሓጺሩ፣ እተን ኣብ ሃሃገሩ ዝርከባ መንግስታት፣ ንምኽንሻብ ጠጠው ከብልኦ ሓላፍነት ኣብ ርእሲ ምውዳቑ፣*

ምኽንኻብ ጓል-ኣንስተይቲ ወትሩ ምስ ሰብኣዊ-መሰል ክተኣሳሰር ዘለው ኣርእስቲ ምኻኑ ኣዘኻኺሩ እዩ። ኤውሮጳዊ ሕብረትውን ነዚ ብምስትውዓል ንኹለን ኣባላት ሃገራት፡ ኣንጻር'ዚ ድሑር ባህሊ'ዚ ክቃለሳ ተላብዩወን እዩ። ካልኦት ጸረ ምኽንኻብ ጓል ኣንስተይቲ ዝጋደሉ ዘለዋ ትካላት ከም FORWARD , Foundation for Women's Health, Research and Development ዝተባህለ ኣብ ሎንዶን ዝመደበሩ ትካል እዩ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ ዝሰርሕ፡ ኣብ ፈረንሳ ዝመደበሩ ገአመሰ ዝተባህለ ማሕበር ክኸውን ከሎ፣ እቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ቤት ጽሕፈት ከፊቱ፣ ብፖሮጀክትታት ዝሰርሕ ካልእ ዓለም-ለኻዊ ድርጅት፣ እቲ ብRainbo ዝጽዋዕ ትካል እዩ።

## ኣብ ሃገር ሽወደን ኣንጻር ምኽንኻብ ጓል ኣንስተይቲ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ

ገለ ናይ ወጻእተኛታት ማሕበራት ንኣብነት፡ ማሕበር ሶማልያውያን ኣብ ስቶክሆልም፣ ሓደ ካብቲ ዘካይዶ ምዱብ ስርሓቱ፣ እቲ ኣንጻር ምኽንኻብ ጓል ኣንስተይቲን ብዛዕባ ጥዕናን ዝምልከት ንጥፈታቱ እዩ።

እቲ ዋና ዕላማ ናይቲ 'ብዮተቦርይ-ፕሮጀክት' Göteborgsprojektet ዝተሰምየ ዕዮ፣ ንናይ ሕጻናትን ደቂ ኣንስትዮን ኩነታት ጥዕና ምምሕያሽ ዝብል ኮይኑ፣ ብፍላይ ኣንጻር ምኽንኻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝገብሮ ስርሓት እዩ። እዚ ፕሮጀክት'ዚ ዕላምኡ ንኽወቅዕ ተባሂሉ ድማ፣ ምስተን ዝምልከተን ማሕበራት ብናይ ቀረባ ምትሕግጋዝ እዩ ተኻይዱ። ኣብ ሞንጎ እቶም ነዚ ባህሊ'ዚ ዘዘውትሩ ደቂ ወጻኢ፣ እቲ ኣብ ምኽን ሻብ ጓል ኣንስተይቲ ዘለዎም ኣረኣእያ ንኽልወጥ፣ ናይቲ ህዝቢታት ባህሊን፡ ኣተሓሳስባን፡ ሃይማኖትን ክብሪ ብዘንጸባርቕ ኣገባብ ምፍጻሙ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ብልዝብ ምግባሩ እዩ።

ዕላማን ስርሓትን ናይ'ዚ ፕሮጀክት ብተወሳኺ፣ ናብቶም ኣብ ሕክምናዊ ሞያኦም ዝተኸንሸባ ደቂ-ኣንስትዮ ዘጓንፍኦምን፣ ናብቶም ሓደጋ ምኽንኻብ ከጋጥመን ዝኽእል ቆልዑ ዘለውኦም ወለዲን፣ ዘቖንጠ መደብ እዩ። ብዛዕባ'ዚ 'እቲ ዘቖንዙ ባህሊ 'Den smärt-samma traditionen' ዝተሰምየ ጸብጻብ ቀሪቡ ስለ ዘሎ፣ ካብSocialstyrelsen ፣ ሃገራዊ ቤት-ምኽሪ ጥዕናን ድሕነትን፣ ክእዘዝ ይክኣል እዩ።

**RISK,** Riksföreningen Stoppa Kvinnlig könsstympning፣ ኣንጻር ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ንምቅላስ ብ1994፣ ኣብ ሃገር ሽወደን ዝተመስረተ ማሕበር እዩ። እዚ ማሕበር'ዚ ኣብ ሐኣሽ ንሃገር ሽወደን ዝውክልን ኣብቲ ኣንጻር ምኽንሻብ ብኤውሮጳ ደረጃ ዝግበር መርበብ ምትሕግጋዝ'ውን ግደ ዘለዎ እዩ። RISK ብመልክዕ ትምህርቲ ፕሮጀክትታት እናኣዳለወ፣ ምስቶም ናይ ምኽንሻብ ባህሊ ንምጥፋእ ተገዳስነት ዘለዎም፣ ካብ ኣፍሪቃ ዝመጹ ወጻእተኛታት ዘቖምወን ማሕበራት፣ ተሓጋጊዙ ዝሰርሕ እዩ። በብሰፈሩ' ውን ኣብ ንኣሽቱ ፕሮጀክትታት ተሳቲፎም ነዚ ፍልጠት'ዚ ዘተሓላልፉ መምህራን እናቐጸረ፣ ኣብቲ ወጻእተኛታት ብብዝሒ ዝርከቡሉ ዞናታት ናይተን ዓበይቲ ከተማታት ስቶክሆልምን ኡፕሳላን ማልመን ብዙሕ ኣገልግሎት ሂቡ እዩ። እዚ ማሕበር'ዚ ዘተኩረሉ ዕላማ፣ ንኣፍሪቃውያንን ካልኦት ነዚ ልምዲ'ዚ ዘዘውትሩ ህዝቢታትን፣ ነዚ ባህሊ'ዚ ኣብ ሃገሮም ይኹን ኣብ ካልእ ዓለም ጠጠው ንኽብልዎ፣ ባዕላቶም ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ንምምጻእ ንኽሰርሑ፣ ምሕጋዞም እዩ።

**RFSU** ዝተባህለ ማሕበር፣ ንምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ፣ ከም መግለጺ ጾታ ጓል ኣንስተይቲ መቆጻጸሪን ከም መግለጺ ጭቆናን ጌሩ እዩ ዝርእዮ። ብርእሲኡ ልምዲ ምኽንሻብ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ከቢድ ገበን ብምዃኑ፣ ከም ሓደ ካብቲ ንሰብኣዊ–መሰል ወዲ ሰብ ዝጻረር ተግባር ኮይኑ ንኽውሰድ እዩ። ኣንጻር ምኽንሻብ ዝፍጸም ገድሊ፣ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ዝተታሕዘ'ኳ እንተኾነ፣ RFSU ምስ ካልኦት ዞባዊ ማሕበራት ብምትሕግጋዝ፣ ባህሊ ምኽንሻብ ካብቲ ዝውቱር ዝኾነሉ ሃገራት ፈጺሙ ንኽጠፍእ ምጽዓር እዩ። RFSU ኣብ ሃገር ሽወደን ዝመደበሩ ማሕበር ኮይኑ፣ ብቐዳምነት ጽሑፍ ብምዝርጋሕን ምስ ማሕበ ራት ደቂ ወጻኢ ብምትሕግጋዝ፣ ነዚ ሽግር'ዚ ርዱእ ንምግባር እዩ። እዚ ምስ ማሕበራት ደቂ ወጻኢ ዝግበር ናይ ምትሕግጋዝ መርበብ፣ ኩሉ ግዜ ምስ ጭቡጥ ግብራዊ ስርሓት ዝተተሓሓዘ እዩ።

**Rädda Barnen** ጎዳኢ ባህልታት ንምጥፋእ ብንጥፈት ዝሰርሕ ድርጅት እዩ። መሰረት ዕዮኡ ድማ እቲ ብሕቡራት መንግስታት ንመሰል ሕጻናት ዝተገብረ ዋዕላ እዩ። ብኣረኣእያ ናይ'ዚ ድርጅት'ዚ፣ ምኽንሻብ ጻረ ሰብኣዊ–መሰልን ጻረ መሰል–ህጻናትን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ከቢድ ኣካላዊን ስነ–ኣእምሮኣዊን ሳዕቤናት ዘለዎ ፍጻሜ ብምዃኑ እዩ። Rädda Barnen ኣብ ዝተፈላለየ ባህላዊ ኩነታት ምስ ህዝቢ ዘለዎ ርክብ፡ ምርድዳእን ምክብባርን ዝመልኦ እዩ። እቲ ዝኸተሎ ኣገዳሲ ሜላ ድማ፣ ትርጉም ምኽንሻብ ኣብቲ ፍሉይ ሕብረተሰብ'ቲ ብምጽናዕን፣ ነዚ ፍልጠት'ዚ መሰረት ብምግባርን እዩ።

*Rädda Barnen ኣንጻር ምኽንሻብ ኋል ኣንስተይቲ ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ፡ ጉኒያ ቢሳውን ኣብ ካልእ ናይ ምዕራብ ኣፍሪቃ ሃገራትን ንጥፈታት ዘካይድ እዩ። ኣሰራርሕኡ ድማ፣ ብሰፈራትን ብዞባታትን ሓበሬታን ጽሑፍን ምዝርጋሕ እዩ። እቶም ነዚ ሓበሬታ'ዚ ክረኽቡ ብቐዳምነት ዝምረጹ ሰባት፣ እቶም ኣብ ባህላዊ ኣተሓሳስባ ለውጢ ከምጽኡ ዝኽእሉ ዓበይቲ-ዓዲ፣ ጠበቓታት፡ መራሕቲ-ሃይማኖትን ሰበ-ስልጣንን እዮም። ካልኦት ኣገደስቲ ጉጅለታት ድማ፣ እተን ኣብ ቦቦትኡ ጸረ ምኽንሻብን፡ ነዚ ልምዲ'ዚ ንምጥፋእን ዝሕብራን ዝሰርሓን ማሕበራት እየን። ናይ Rädda Barnen ሜላዊ ኣሰራርሓ፣ ምስቲ ዘሎ ምምሕዳር ተወሃ ሂድካ ምስራሕ እዩ።*

***SIDA** ሲዳ ንብዙሓት ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ኣፍሪቃ ጸረ ምኽንሻብ ንዝግበር ስርሓት፣ ብንጥፈት ክድግፍ ዝጸንሐ መንግስታዊ ትካል እዩ። ኣሰራርሕኡ ብዝያዳ ምስ ዘይመንግስታውያን ከም (IAC) ዝኣመሰላ ማሕበራት፣ ኣብቲ ኣንጻር ምኽንሻብ ዝገብርዎ ጎስጓስ ብምትሕግጋዝ እዩ። ሲዳ ክልተኣዊ ዝምድና ምስ ዘለወን ሃገራውያን ትካላት ብምትሕብባርን'ውን፣ ነቲ ብሕቡራት መንግስታት ዝቖማ ውድባት WHO, UNFPA, Unicef ዝፍጸም ስርሓት፣ ምሕጋዝ እዩ። ሲዳ ብዛዕባ ጥዕና ብዝምልከት፣ ምስቲ ብRainbo ዝጸዋዕ ትካል ብምትሕብባር፣ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ንኣሸቱ ፕሮጀክትታት ብምቛም ንዝግበር ንጥፈታት፣ ሓገዝ የወፊ ኣሎ። እዚ Rainbo ወዳቢ ናይቲ Amanitare ዝተባህለ ኣፍሪቃዊ መርበብ ምትሕግጋዝ ኮይኑ፣ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ፣ ጸረ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝቃለስ ውድብ እዩ።*

***Socialstyrelsen** ሃገራዊ ቤት-ምኽሪ ጥዕናን ድሕነትን፣ ኣብ 1998፡ ን3 ዓመት ጸረ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንኽዓዮ መንግስቲ ሸወደን ብትእዛዝ ቍጽሪ (S98/514/ST) መዚዝዎ እዩ። እቲ ትእዛዝ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንምቅላስ ክበላሓትን ክዝርግሕን ኮይኑ፣ እቲ ዕዮ ብፍላይ፣ ናብቶም ምስ'ዚ ጉዳይ'ዚ ርክብ ዘለዎም ሞያውያንን ጉጅለታት ደቂ ወጻኢን ዘቐንዐ እዩ። ሃገራዊ ቤት-ምኽሪ ጥዕናን ድሕነትን፣ ነዚ መሰረት ብምግባር፣ ኣብ ሞንጎ እቶም ዝምልከቶም ጉጅለታት ህዝቢ ብዝተፈላለየ ንጥፈታትን ሜላን ክሰርሕ ጸኒሑ ኣሎ። እቲ ዝተኸተሎ ብልሓት፣ ምኽንሻብ ንኽይፍጸም ምክልኻልን ንዝተፈጸመ ምእራምን ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣብ ሞያዊ ስልጠናን ምቕያር ኣተሓሳስባን ምቍጽጻርን ዘተኮረ እዩ። ኣቐድም ኣቢሉ'ውን፡ ኣብ 1996 ኣብ ዮተቦርይ ዝተዛዘመ፣ ናይ 3 ዓመት ፕሮጀክት ኣካይዱ እዩ። እቶም ኣብዚ ስራሕ ዝተሳተፉ ሞያውያን፤ ሕጂ'ውን ከም ኣማኸርቲ ምሉእ ሸወደን ብምኻን የገልግሉ ኣለው። በብዞባኡ ኣብ ስቶክሆልምን ኣብ ማልመን ዝተዳለወ ፕሮጀክትታት'ውን፣ ቍጠባዊ*

ሓገዝ ተዋሂብዎ እዩ። ኣብ መንጎ 1998-2001 ዓ ም ናይ ዝተገብረ ስነ–ምርምራዊ መጽናዕትታት ጸብጻብ ወጺኡ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ ብዝያዳ ክትፈልጥ ምስ ትደሊ፣ ኣብ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.sos.se ተወከስ።

## ናይ ጽሑፍ ምንጭታት


Agholme Johansson, Birgitta (1994), Tusen om dagen ኣብ ምስሪ ብዛዕባ ግዝረት ናይ ዝተገብረ መጽናዕቲ ጸብጻብ፣
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Uppsala universitet, Teologiska institutionen.

Andersson -Brolin, Lillemor (1997), 'ንደቅና ወትሩ ንገዝረን ኢና'፣ ዝኣርእስቱ ብዛዕባ ግዝረት ዝምልከት ጽሑፍ፣ Rädda Barnen.
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Rädda Barnen.

Carlbom, Aje m.fl. (2000) , Som Gud skapade oss: 'ከምቲ ኣምላኽ ዝፈጠረና' ዝኣርእስቱ፣ ብዛዕባ ኣረኣእያ ግዝረት ኣብ ማልመ ኣብ መንጎ ሶማልያውያን ዝተገብረ መጽናዕቲ፣
Malmö stads program Sexuell hälsa. ISBN 91-631-0051-7.
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Malmö stads program Sexuell hälsa, Box 171 95, 200 10 Malmö. ኣድራሻ ኢንተርነት www.sos.se

Dorkenoo, Efua (1994). Cutting the rose. 'ምጉንዳብ ጽገሬዳ' ዝኣርእስቱ፣ Female Genital Mutilation: The practice and its prevention. 'ትግባረን ቃልሲ–ግዝረትን'፣
Minority Rights Publications. ISBN 1-873194-95-1.
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Minority Rights Publications, 379 Brixton Road, London SW9 7DE, United Kingdom.

Hosken, Fran P (1995), Stop Female Genital Mutilation - Woman speak. 'ሰበይቲ ትዛረብ ኣላ'፣ ዝኣርእስቱ፣ ጸብጻብ ቃልሲ ግዝረት Facts and actions. Women´s International Network News. ISBN 0-942096-10-x
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ WIN NEWS, 187 Grant Street, Lexington MA 02173, USA.

Ismail, Nima & Sörman Nath Ylva (2000), Ingen frågade mig. 'ዝሓተተኒ የብለይን' ዝኣርእስቱ፣ ጸብጻብ ግዝረት ኣብ ሽወደን። Stiftelsen Kvinnoforum.
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ www.kvinnoforum.se ወይ Kvinnoforum, tel 08-562 288 00.

Kulick Don red. (1987), från kön till genus. 'ሰብኣይን ሰበይቲን ናይ ምፍጣር ፈተነ'፣ ዝብል ጽሑፍ ብAud Talle.
ዝርከበሉ ቦታ፡ Carlsson Förlag. ISBN 91-7798-124-3

Omsätter, Margareta (1996), Den smärtsamma traditionen - 'እቲ ዘቐንዙ ባህሊ' ዝተባህለ፣ ጸረ ግዝረት ብማሕበራዊ ናብዮት ዮተቦርይ ዝተዳለወ፣Göteborgs invandrarförvaltning. ISBN 91-630-4821-3
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Socialstyrelsen

Rahman, Anika & Toubia, Nahid (2000), Female Genital Mutilation: ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ከም መምርሒ 'ሕጊን ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ንምቕያርን' ዘገልግል ጽሑፍ።
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Zed, London. ISBN 1-85649-773-9.

Socialstyrelsen´s meddelandeblad nr 5/00, ነጋሪት ጋዜጣ (1982:316)
ግዝረት ንምውጋድ ዝወጸ ምቕያር ሕጊ።
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ www.sos.se/plus/skrift.htm.

Kvinnlig Könsstympning - 'ግዝረት ደቂ ኣንስትዮ' ዝተባህለ፣ ንመደብ ትምህርቲ ክንክን-ሕማምን ሓለዋ-ጥዕናን፡ ንማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ንኣብያተ ትምህርቲ ወዘተ ዝተዳለወ ጽሑፍ።
ዝእዘዘሉ ቦታ፡ Socialstyrelsen 2002. ISBN 91-7201-660-4

Sennemark, Said Musse & Abdulkadir (2002), "Kvinnlig Könsstympning. ኣብ ሞንጎ ሶማልያውያን ኣብ ዮተቦርይ ዝተገብረ 3 መጽናዕቲታት፣ 'ግዝረት ከም ባህላዊ ውርሻ' ዝብል ጽሑፍ፣ ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ተወከስ።
www.tidsspeglar.goteborg.se, መወከሲ ኣርእስቲ "Könstympning".

## ተወሳኺ ምንጭታት

ብተወሳኺ ኣብ ናይ ወሀዐ ኢንተርነት ኣድራሻ፣ ንምኽንሻብ ብዝምልከት፣ እዋናዊ ሓበሬታን ጸብጻብን ክተንብብ ይክኣል እዩ።
ዝርከበሉ ኣድራሻ፡ www.who.int/frh-whd/FGM/index.htm

### ልቢ-ወለዳት

Devine, Laurie (1984) Nilen. ዝርከበሉ ቦታ፡ Bokförlag Forum. ISBN 91-37-10429-2.

Didie, Waris (2001), En blomma i Afrikas öken. 'ሓንቲ ዕንባባ ኣብ ምድረ-በዳ ኣፍሪቃ'፣ ዝኣርእስታ መጽሓፍ፡
ዝርከበሉ ቦታ፡ Bra böcker pocket. ISBN 91-7133-812-8.

Kassindja, Fauziya & Miller Bashir, Layli (2000), Vem hör mina tårar? 'ንብዓተይ መን ይደርዝ'፣ ዝኣርእስታ መጽሓፍ፣
ዝርከበሉ ቦታ፡ Bra böcker. ISBN 91-7133-499-8.

Walker Alice (1992), Omskärelsen. 'ግዝረት'፡ ዝኣርእስታ መጽሓፍ፣
ዝርከበሉ ቦታ፡ Trevi förlag AB. IOSBN 91-7161-042-1.